# COMUNITÀ DI MIGRANTI

## ንስደተኛታትን ነባት ነፍሳቶምን ዚኸውን ናይ ሐሳብ ረቒቕ።

**1) "ንኹሉ ናባይ ኪስሕቦ እየ"** (ዮሐ 12,32)

ንቤትክርስቲያን፣ ንሕዝብታት፣ ንመላእ ዓለም፣ ብዚምልከት እንታይ ይገልጸልና መስቀል ቅዱስ?

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝበሎ እኒሆ፤ "አነ ካብ ምድር ምስ ተለዓልኩ (=ኣብ መስቀል ምስ ተሰቐልኩ)፡ ንኹሉ ናባይ ኪስሕቦ እየ"።

ጐ.ኢ.ክ. ምእንታናን፣ ምእንቲ ሕዝብታትን፣ ምእንቲ ኵልና፣ ሕይወቱ ሂቡ እዩ። በዚ ዝመጸ ከኣ፡ ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና ንረኽቦም ሰባት ኵሎም፡ ክርስቶስ ምእንትኣቶም እውን ዝሞተ ኣኀዋትናን ኣኃትናን እዮም። እወ! ዜግነቶም፣ ባህሎም፣ ሥልጣኔኦም፣ ብዘየገድስ!

ካብ ዝተፈላለዩ ክፍላት ዓለም፡ ናብ ሀገረ-ስብከትና ብዙኃት ምእመናን ምምጻኦም ዓሚቝ ለውጢ ኣኸቲሉ እዩ። እዚ ከኣ፡ ዓለም-ለኻውን ኵሉ-ሐቈፋውን ማለት ካቶሊካዊ መልክዕ ናይ ቤተክርስቲያን ኣዕሚቕና ክንምርምር ይሕተና (ገጽ 16 ን 17 ን)።

- ኅብረተሰብና/ማኅበራትና፡ ናይ እምነትና ሕመረት ወይ ቀንዲ መወከሲ/መምዘኒ ኢየሱስ ከም ዝኾነ ዝፈልጡዎን ዝነቓሑሉን ነገር ድዩ? እወ! እቱ ተሰቒሉ እንከሎ ንኹሉ ናባይ ኪስሕብ እየ ዝበለ ኢየሱስ ክርስቶስ! ወይስ እምነት ማለት ሕውስዋስ ርእይቶታት፣ ባህላዊ ልማዳት፣ ውልቃዊ መንፈሳውነት ማለት እዩ? እዚ ዳኅረዋይ ርድኢት-እምነት ግን ግጉይን ሐደገኛን እዩ።

- ክንድምንታይ ዝኣክል ብግላዊ ደረጃ፡ ክንድምንታይ ዝኣክልከ ብማኅበራዊ ደረጃ ኢናኸ እምነትና ክንገልጽ ደስ ዝበለና?

- ንእምነትካ ከም ሐደ ውልቃዊ/ግላዊ መንነትካ/መበቈልካ ተጉልሐሉ ነገርዶስ፡ ከም ሐደ ኵሉ-ሐቈፋዊ መልክዑ ተጉልሐሉ ነገር ጌርካ ኢኻ ትጥቀመሉ/ተዘውትሮ?

በዚ ዝመጸ፡ ኑቲ መለለዩ መልክዕ እምነትና ኮይኑ ዘሎ ኵሉ-ሐቈፋውነት ምእንቲ ክንግዝኣን ከስተማቕርን፡ ኣብ መንፈሳዊ ሕይወትና፡ ሐዲስ ኣማዕዲኻ (=ኣርሒቕካ) ናይ ምርኣይ ልምምድ ከነማዕብል የድሊ። ነዚ ጨሪሹ ሐዲሽ'ኳ እንተዘይኮነ፡ ግን ከኣ ሐዲሽ ምዕራፍ ከፊቱ ዘሎ ዋሕዚ ስደተኛታት፡ ከምዚ ብዝበለ ኣተሐሳስባ ኢና ክንበድሆ ንኽእል። እዚ ከኣ፡ ምስቲ፡ ወሳኒ መልክዕ ቤተ ክርስቲያን፡ "ብቐጻሊ ሚስዮናዊት ምኳን እዩ" (EG 25) ዚብል ትምህርቲ ዚሰማማዕ እዩ። ብሐቅን ብትኽክልን ከኣ፡ ኣብ ነካይዶ ኀልዮ ነፍሳት ለውጢ ምትእትታው የድሊ ማለት እዩ (ገጽ 17)።

- ንህሉው ጊዜ - ምስ ኵሉ ብድሆታቱ – ከምኡ'ውን ንዝኀለፈ ታሪኽ ብመንጽር ቃለ-እግዚኣብሐር፡ ብውልቅን ብኀባርን ከነንብቦ ዘኽእለና ኣማዕዲኻ ናይ ምርኣይ ልምምድ ምእንቲ ከነማዕብል እንተይ ንንብር ኣሎና?

- ትምህርቲ-ክርስቶስ ተደጋጋሚ እሞ መድከሚ ኮይኑዶስ፡ ወትሩ ምስ ጊዜ ዚሰማማዕ እሞ፡ ዘቐስቅሰካ ነገር ኮይኑ ትረኽቦ?

- ብዙሓ ጊዜ፡ ብዛዕባ ግላዊ ወይ ውልቃዊ ንስሓ ኢና ንዛረብን ንጽበን። ብዛዕባ ናይ ማሕበራትና ንስሓኸ ንዛረብን ንሐትትንዶ? ናይ ሐደ ምሉእ ሕብረተሰብ ንስሓኸ እንታይ ማለትን እንታይ ዚመስልን እዩ።

## 2) ንቤተ ክርስቲያን ዘቅዱስ ኣምብሮዚዮስ ዘመን ምትሕንፋጽ ዓሌታት ኣርኪቡዋ

ኣብ ኅልዮ ነፍሳት ተዋፈሮም ዘሎዉ ኣባላት ቤተክርስቲያን ቅዱስ ኣምብሮዚዮስ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት፡ ኣእምሮና ብዙሓ ዝመልክዑ ሕብረተሰብ ይቐውም ከምዘሎ ክዕዙብን ብተሰፋ ክቕበሉን ኣተሐሳሲቦሙና እዮም። ሰደተኛታት ምብዝሖም፡ "እግዚኣብሐር ማሓደሩ ወትሩ ኣብ ዝበዝኑ ሰባት ኬሰፋሕፍሕ" ዚገብር ዕድል ከም ዝኾነ ገይርና ክንርእዮ ዘኽእለና መንፈስ ነቢያት ከነጥሪ ይሕግዘና።

ከምዚ ዝበለ ጽኑዕ እምነት ወይ ርድኢት ከኣ፡ ንሶም ካብ ዝተፈላለያ ሀገራት ዝመጹ ሰደተኛታት ብጽቡቕ ክንቕባሎም እሞ፡ ፍሉይነቶም ከም ሐደ ግጭት ዚፈጥር ዘይኮነስ፡ ከም ሐደ ዜሀብትም ተርእዮ ክንቕበሎ የኽእለና። ንሶም ንሕዝባቶም ዚጭቁኑ ናይ ትውልዲ ሀገራቶም ከኣ፡ ብዛዕባ ቊምነገር ፍትሒ የንቓቕሖም። ከምዚ ዝበልናዮ ዘይምግባር ዜኸትሎ ኣሉታዊ ውጽኢት፡ ምዝራግ ማሕበራዊ ሕይወት ወይ ንደሞክራሲ ንሐደጋ ምስጣሑ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ቤተክርስቲያን ዘቅዱስ ኣምብሮዚዮስ ቅዱስ ወንጌል ክትምስክር ኣብ ዘይትኽእለሉ ከይትወድቕ ዚብል ስክፍታ እዩ። እወ! ቤተክስቲያን ሚላኖ ከም ቅዱስ ወንጌል ኵሉ ሐቑፍ ምኳን ሰኢና ማለት እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ካብ ክርስቶስ ርሒቓ ማለት እዩ። እዚ እዩ እቲ ዝዐበየ ሰግኣትና!

ናይ ዓሌታት ምትሕንፋጽ ከም ክዉን ምቕባል ማለት፡ ናይ ዝተፈላለየ ባህልታትን ሕብረተሰባትን ምርኻብ፡ ኣወንታዊ ጉድኑ ምርኣይ ማለት እዩ። እወ! ኣዚዩ ዓሚቕ ኮይኑ፡ ኣብ ሥጋናን፡ ስሚዒታትናን፡ መሠረታዊ ድሌታትናን፡ ዚትንክፈና ክንድዝኾነ። ምስ ዘይመረጽካዮ ግን ከኣ ክትቅበሎ እትኽእል ነገር ምጽብጻብ ማለት እዩ። ተኣሚንካሉስ፡ ብዝተኻእለካ መጠን ኩተሰንዮን ናብ ጽቡቕ ከተምርሖን ምፍታን ማለት እዩ። ምስ ሐደ ሰደተኛ ምርኻብ ማለት ናይ ክልቴኻ ማሕበራውን፡ ባህላውን፡ ውልቃውን፡ መንነት ከም ብሐድሽ ኪጸሐፍ ተኽእሎ ከም ዘለዎ ምእማንን ምቕባሉን ማለት እዩ።

- ከም ሰደተኛ ብዝተመኩሮካዮ፡ እንታይ ዓይነት ኣቀባብላ ረኺብካ ኣብ ዓድጣልያን? ሎሚኸ፡ ድኅሪ ዓመታት፡ ገለዶ ተቐዪሩ ረኺብካዮ?

- ኣበይን ከመይን ጌርካ ኢኻኸ ምስ ሰብ ካልኦት ዓሌትን ባህልን ትራኸብ ኣብ መዓልታዊ ሕይወትካ? እዚ ናይ ባህልታት ምርኻብከ፡ ብኸመይ ኣገባብ ንነብረሉ ከባቢ ይልውጦ ኣሎ?

- ኣብ ሐደ ብዙሓ ዝመልክዑ ሕብረተሰብ፡ ሰደተኛ ምኳን፡ ምስ ካልኦት ንምንባር ይሕግዘዶ ወይስ ጸገም ይኸውን? ምስ ካባኻ ዝተፈለዩ (ጠላይን ወይ ካልኦት ወጻእተኛታት) ሰባት ምርኻብ ዜሀብትመካዶ ወስ ፍርሒ ወይ ጥርጣሬ ዜእትወልካ ኮይኑ ትረኽቦ? ምኽንያቱኸ?

- ኣብ ሐደ ሕብረተሰብ ኮነ ኣብ ቤተክርስቲያን፡ ብዓሌቶም፣ ብመነባብሮኦም፣ ብተሐሳስባኦም (ብዛዕባ ሕብረተሰብን ቤተክርስቲያንን ዘለዎም ርእይቶ)፣ ዚፈላለዩ ሰባት፡ ብሐንሳብ ምርኻቦም መንነቶም ንኬሐድሱ ዕድል ክረኽቡ ይኽእሉዶ ይመስለካ? ብኸመይ?

- ንሕይወት እምነትካ (ሃይማኖትካ) ብዚምልከት፡ እንታይ ጸገም ረኺብካን ትረክብ ኣሎኻን? ቤተክርስቲያን ሚላኖኸ፡ ሰደተኛታት ኣብ ሃይማኖቶም ጸኒዖም ኪነብሩ ትሕግዞምዶ ኣላ ትብል? ብኸመይ? እንታይ ክትቅይር መድለየ? ብኸመይከ?

## 3) ሀገረ-ስብከት ሚላኖ፡ ቤተክርስቲያን ኣሕዛብ።

ብዙሖት ሰደተኛታት ካቶሊካውያን ምእመናን እዮም። ብርቱዕ ተኽእሎ ዘለዎ ኣዎንታዊ ኀይሊ እዮም። ኣብቲ ሐፈሻዊ ኩነታት ምእመናንና ብምግንዛብ፡ ኪትግበር ዚድለ ዘሎ ሕዳሴ ሐዋርያዊ ዕዮ ወትሩ ብብርቱዕ ዝደፋፍኣና ዘሎ ኀይሊ እዮም። ንቲ ንርእዮ ዘሎና ለውጥታት ክንገጥሞ ዕዱማት ኢና። ቀዳማይ ምዕራፍ (ገጽ 31) ኣማዕዲኻ ምርኣይ ዘኽትሎ ኩሉ-ሐቑፋውነት ግርም ገይሩ ኣብሪሁልና ኣሎ። ክቡር ምንጪ መወከሲ እዩ። እንደገና ነንብቦ'ሞ፡ እቲ ኣብ ውሽጡ ዘሎ፡ ንኹሉ ምሕቃፍ ማለት፡ ኣብ ኩሉ ምብጻሕ፣ ብኹሉ ምግዳስ፣ ንኹሉም ምኅላይ፣ ወዘተ. . . ዚብል ሐሳብ ኣብ ግብሪ ከነውዕሎ ሰደተኛታት ዕድል ይህቡና ኣለዉ።

ካብ ካልኦት ሀገራትን ክፍላት ዓለምን ዝመጹ ካቶሊካውያን ኣብ መንጎና ምህላዎም፡ ጉዕዞ ሲኖዶስና ብዕሊ ከነጸሮን ዋጋ ክህቦን ዚግባእ ዕድል እዩ። ካብ ናትና ዝተፈልየ ዓይነት ኣጸላልያኦም፣ ኣቀዳድሳኦም፣ ምስ ናይ ሰብ ትውልዲ ሀገሮም ዘለዎም ጥቡቕ ርክብን ፍቕርን፣ ብዓላቶምን መንፈሳውነቶምን ምስ ባህሊ ቤተክርስቲያና ከዋስቡዎ ምድላዮም፣ ወዘተ. . . እዚ ኩሉ ንሓዋርያዊ ሰራሕናን፡ ንሕይወት ቤተክርስቲያናን ዚብድህ ረቛሒ እዩ። ብዳሄኦም ከአ ኣዎንታዊ እዩ (ገጽ 33)።

ኣብ ኤውሮጳን ካልኦት ክፍላት ዓለምን ድሮ ተፈሊጡ ዘሎ ናይ ሃይማኖታት ብዙሕነት፡ ንዕሊታዊ ምንቅስቓስ ቤተክርስቲያንና ከም ጸላሎቱ ዚሰዕቦ ዘሎ እዩ። እዚ ከኣ፡ ንክርስቲያናዊ መንነትናን ምስክርነትናን ብዝተፈልየ ኣገባብን ብዝዐበየ ኀይልን ክንምርምሮ ይግድደና።

ኣብቲ ምስ ካልኦት ክንፈጥሮ ግድን ዝኾነ ርክብን ልዝብን፡ ከም እጃምና ጌርና እነቕርቦ ኣዎንታዊ ገጽታ ሃይማኖትና እዩ። ኣብ ሕንጸት ማኅበራዊ ረብሓ ክትሳተፍ እንተደኣኮና ከኣ፡ ሐንቲ ብዙኃዊት እትብህል ኅብረተሰብ፡ ነዚ ሐሳብ ክትድግፎ ይግባእ። ንኣብነት፡ ምስ ካልኦት ሃይማኖታት ኀቢርካ ሰላም ኪነግሥ ምጽዓር። "ሰላም" ኪበሀል እንከሎ ከኣ፡ ርክብ ምቍራጽ ወይ ኣብ ውግእ ምእታው ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ምክብባርን ኀቢርካ ምትዓዝን እውን ማለት እዩ (ገጽ 36)።

- ከም ኅብረት ሰደተኛታት ካቶሊካውያን መጠን፡ ካብታ ኣብ ዓድኻትኩም ዝነበረትኩም ፍልይ ዝበለት ቤተክርስቲያን ኩቶቕሙ ኣብ ትደልዩሉ እዋን፡ ምስ ቤተክርስቲያን ሚላኖ ተካይዱዎ ርክብን ምትሕግጋዝን እንታይ ዝዓይነቱ ጸገም ትረኽቡ?

- ናይ ካቶሊካውያን ሰደተኛታት እምነትን መንፈሳውነትን ንቤተክርስቲያን ቅ. ኣምብሮዚዮስ የሁብትማ ኣሎዶ ትብል? ብኸመይን ሰለምንታይን?

- ምስ ምእመናን ቤተክርስቲያን-ሚላኖ ምጽንባርካን፡ ኣብ ዓድጣልያን ምንባርካን፡ ንኣነባብራ ሃይማኖትካ/እምነትካን፣ ምስ ደቅዓደኻ ዘሎካ/ዝነበረካ ርክብን፣ ብዛዕባ ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ዝነበረካ ርእይቶን. . . ለውጢ ኣምጽኢሉዶ ትብል?

- ካልኣይ ወለዶ (=ደቂ ሰደተኛታት) መንእሰያት እንታይ ይጽበዩ ካብ ቤተክርስቲያን ሚላኖ? ካብ ናይ ወለዶም ኣባት ነፍሲኽ እንታይ ይጽበዩ? ወለዶምከ እንታይ ይጽበዩ ይኾኑ?

- ንቤተክርስቲያን ሚላኖኸ፡ ኣብ ውሽጢ ሀገረሰብከታ ዚካየድ ናይ ካልኦት ሃይማኖታት ሕይወት-እምነት እንታይ ዝዓይነቱ ሰምዒት የላዕላ? ምእመናናኸ ከመይ ይርእይወንን ይቕበሉወንን? ኪረኽቡወንን ምስኣተን ኪዛተዩን ድልየትዶ የላዕላሎም? "እወ" እንተኾይኑ መልሱ፡ እቲ ርክብ ብኸመይ ተተግቢሩ ወይ ከአ ኪትግበር ምደለዩዎ ብጭብጢ? "ኣይኮነን" እንተኾይኑ መልሱ ከኣ፡ እንታይ እዩ ዚዕንቅጾ?

- ብዛዕባ ሃይማኖት ክትዛረብ እንከሎኻ፡ "ሀንካን ሀባን" ዚብል ሐሳብ እንታይ የሰምዕ? ብጭብጢኸ እንታይ ማለት እዩ? እንታይ ዝዓይነቱ መሳርሒኸ የድሊ ኣብ ግብሪ ንኹተውዕሎ?